# ኤርትራ ትርከበን 6 ሃገራት ኣፍሪቃ
# ናይ ኣመሪካ ደገፍ ከይረኽባ ተኣጊደን

**ክፍሊ ዜናን ባህልን**
**ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ**
17.06.2009

ንዋሕዚ ስደት ካብ ሃገረን ናብ ካልኦት ሃገራት ክቈጻጸራ ዘይከኣላ ኤርትራ ትርከብን 6 ሃገራት ካብ ዩ.እስ.አይድ (USAID) ዝውሃበን ዝነበረ ደገፍ ደው ክብል ከምዝተወሰነ፡ ረድዮ ቢቢሲ ሓቢሩ። እተን ዝተረፋ እገዳ ዝተገብረለን 5 ኣፍሪቃውያን ሃገራት ከኣ፡ ቻድ፡ ዚምባብወ፡ ኒጀር፡ ስዋዚላንድን ማውሪታንያን ኢየን።

ኤርትራውያን ስደተኛታት፡ ብብዝሒ ናብ ጐረባብቲ ሃገራትን ካብኡ ሓሊፎም ውን ክሳብ ሃገራት ምዕራብን ይስደዱ ምህላዎምን ዝፍለጥ ኰይኑ፤ ገለ ካብኦም ክሳብ ኣመሪካን ላቲን ኣመሪካን ከምዝበጽሑ ዝተፈላለዩ ጸብጻባት ዘረጋግጽዎ ሓቂ ኢዩ።